# ዝላ ብስጡም ሓድነት ናብ ዝበለፀ ልምዓት

**ሓበሬታ፡-**

ነዚ ፅሑፍ ዘዳለና ንሕና አባላት ማሕበር ልምዓት ሽረ ዝኮና ሄኖክ ሙሉአለም ካብ አሜሪካ ቶማስ መኮነን ካብ አዲስ አበባ ንኽይዲን ምንቅስቓስን ማሕበርና አመልኪትና ነቲ ዝሓለፍ ጉዕዞ ይኩን ንቐፃሊ መፃኢ መደባት ዘለና ግላውን ውልቃውን ናይ ማሕበርና ርኢቶ ማለት ነቲ ክድገፍ ዝግብኦ ፅቡቕ እናንአድና ነቲ ክስተኻኸል እንብሎ ድማ ከም መጠን አባላት ሓበሬታ ንምግላፅን እታ ማሕበር ብስጡም ሓድነታዊ መንፈስን ናህርን ናብ ዝሓሸ ልምዓት ክተምርሕ ምእንታን ንሕና ዝመስለና ንብል አለና፡፡ እዚ ፅሑፍን ርኢቶን ናይ ግልና እንበር ናይታ ማሕበር ቅዋምን መርገፅን ከምዘይኮነ እናገለፅና ነዚ ተኸቲሉ ዝኮነ ይኹን ሰብ ንዘልዕሎ ነቐፌታ ኾነ ርኢቶ ብቅኑዕ ልቢ ከም እንቅበልን ንዝመፀና ሕቶታት ድማ ከም እንምልስን እናሓበርና ካልኦት እውን አብ ናፃ መድረኽ ማሕበርና ሃናፃይ ዝብልዎ ርኢቶ ክቐርቡ ንላቦ፡፡

**ሓተታ**

ማሕበርና ማሕበር ልምዓት ሽረ መጀመርያ በቶም ወለድናን ዓበይቲ አሕዋትናን ክትጣየሽ ከላ ከምቲ ዝፍለጥ ዞባና ብተደጋጋሚ ኹናትን ድርቅን አዝያ ስለዝተጎድአት ናይዚ ውፅኢት ድማ ዓሚቕን ሰፊሕን ሽግራት ስለዝወለደ እዚ በሰላ ብቐሊሉ ክሓዊ ስለዘይክእል ማሕበርና እቲ ብመንግስቲን ካልኦት አካላትን ክሽፈን ዘይኽእል ቀዳዳት ምስ መንግስትን ህዝብን ብሙኳን ነቲ ከልምዕ ዝደሊ ተወላድን ህዝብን ወዲብካ ባይታን መድረኽን ናይ ልምዓት ብምፍጣር ኩሉ ዝዓቅሙ አበርኪቱ ዓዱ ከልምዕን አብ ምሕዋይ ዓዱ እጃሙ ከበርክትን ናይ ምግባር ሓላፍነት ወሲዳ **«ልምዓት ዓዲ ብደቂ ዓዲ»** ብዝብል መሪሕ ጭርሖ ተሓንጊጣ ዝተመስረተት አብ ትርፍን ፖለቲካውን ዘይትንቀሳቐስ ህዝባዊት ማሕበር እያ፡፡

## ቀንዲ ዕላማታት ማሕበር ልምዓት ሽረ

- መንግስትን ገበርቲ ሰናይ ሰብ ሃፈትን ወዲብካ አብ ዙርያ ትምህርትን ጥዕናን ብምንቅስቓስ ጥዑይን ምሁርን ወለዶ ምፍጣር
- ነቲ ሓዱሽ ወለዶ መንእሰይ ምድጋፍ ማለት ብልጫ ዘለዎም ተመሃሮ ምብርታዕ፣ ንስፖርተኛታት መናእሰይ ድጋፍ ምግባር፣ ኪነጥበብን ሃህልን ዞባና አብ ምዕባይ ምሕጋዝ

- አብ ዞባና ዝርከቡ ታሪኻውን ቅርስን ሓድግታት ብአግባቡ ክትሓዙ ምግባር እቲ ሕብረተሰብ አኹል ግንዛበ ሃልይዎ ዝግባእ ክብሪ ክህቦምን ክሕልዎምን ከምኡ እውን ገሊኦም ድማ አብ ዘመናዊ ቤተ መዘክር ምቕማጥ
- ህዝብን መንግስትን ሓቒፍካ ዞባና ሓምለዋይን ልምዕትን ዛያዳ ንናብራ እትምቹ ዞባ ምግባር
- ናይታ ማሕበር ዕላማ ብዓለምለኻዊ ምዝርጋሕን አብ ዝተፈላለዩ ኩርንዓት ዓለም ዘለው ተወለድትን ፈተውትን ዞባና ምውዳብን ክህሕዞ ምግባርን ከምኡውንም ቅርንጫፍ ቤት ፅሕፈት አብ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ምኽፋትን አድማሳ ምስፋሕን ዝብሉን ካልኦት ዓበይቲ ዕላማታት ኔሮም፡፡

አብዚ እቲ ቀዳማይ ስራሕ ዝተገብረ ክበሃል ዝክዕል ዝተወደበ ህዝቢ ሃይሊ ስለዝኮነ ዋና እቲ ነባሪ ዞባና ዝኮነ ህዝቢ እኩል አፍልጦን እምነትን ሃልይዎ ክውደብን ብዓቕሙ ድማ ክድግፍን ተገይሩ እዩ፡፡

በቲ ዝነበረ መደብ ድማ ዋና ቤት ፅሕፈት አብ ሽረ ብምኽፋት ከምኡ እውን አብ መቐለን አዲስ አበባን ቅርንጫፍ ከፊታ አባላት አኪባ ዕላማ እታ ማሕበር አረዲአ አፍቲ ከባቢ ዝነብሩ ተወለድትን ፈተውትን ዞባና ክውደቡን አባላት ክኾኑን ክሕግዙን ገይራ እያ፡፡

ብተወሳኺ ድማ እቲ አብ ስደት ዘሎ ህዝብና አብ ዘለዎ ኮይኑ ማሕበራዊ ሂወቱ ከመሓይሽን ባህሉን ልምዱን ናፍቶም ሓደሽቲ ወለዶ መናእሰያት ከመሓላልፍን ተአኪቡ ድማ ብዛዕባ ዞቡኡን ዓዱን ከመያየጥን ክድግፍን ንምግባር አብ ሰሜን አሜሪካ 10 ቅርንጫፍ ብምኽፋት አብቲ ከባቢ ዝርከቡ ተወለድትን ፈተውትን ዞባና እጃሞም ከበርኩቱ ብምሕታት አብ ሰሜን አሜሪካ ካብ ዝርከብ ውዳበ ዛጊድ ልዕሊ $115,000 ዶላር ናብ ማሕበርና አታዊ ብምግባር ዘሕብንን መርኣያ ዝኾነ ስራሕ ስሪሖም እዮም፡፡ ከምኡውን አብ አውሮፓ ሃገረ እንግሊዝ ዝርከቡ አባላት አሕዋትና ልዕሊ $70.000 ብር ናብ ማሕበርና ኣታዊ ብምግባር ክምስገን ዝግብኦ ቅዱስ ተግባር ፈፂሞም አዮም፡፡

እታ ማሕበር መጀመያ አብ ፅሬት ከተማና ንዝተዋፈሩ መናእሰያት ናውቲ ፅሬት ብምግዛእ ከምኡውን ካልኦት ደቀቕቲ ስራሓቲ እናሰርሐት ድሕሪ ምፅናሕ ቀፂላ ትምህርቲ መሰረት ምዕባለ ምኧኑ ተረዲአ ናብ ዓብይ ፕሮጀክት እውን ከም መሰጋገሪ ዝኸውን ንኹሉ ዞባና ዘገልግል አፍታ ናይ ኩሉ ዞባና መአከቢት ዝኾነት ዋና ከተማ ሽረ እንዳስላሰ ከም መጀመሪ ዝኸውንም ደረጀኡ ዝሓለወ ቤትመፅሓፍቲን ቤተ መዘከርን ብልዕሊ 3.7 ሚልዮን ብር ንምህናፅ ተሊማ ማለት ሓደ ሰፊሕ ደረጅኡ ዝሓለወ ቤት ንባብ ፣ ንህፃውንቲ ብዕድሚኦም ደረጃ ዝጥቀምሉ ቤት ንባብ፣ ንአካል ጉድአት ብዘይ ፀገም ዝጥቀምለዑ ቤት ንባብ፣ ሰለስተ ንኮምፒተርን ቤት ፈተነ (ላብራቶሪ) ዝኾን ክፍልታት፣ መኽዘንን ሽንትቤትን ዘለዎ ብሓፈሽኡ ዘመናዊ ቤተመፅሓፍትን ቤተመዘክርን ተሊማ ዛጊድ ብዘይሕለል ናይ ኣባላታ ደገፍን ፃዕርን ሕጂ ናብ መፈፀምትኡ ተቓሪቡ ይርከብ፡፡

እቲ ቤት መፅሓፍትን ቤተ መዘክርን ነቲ ሕንፃ ልዕሊ 3.7 ሚሊዮን እኳ እተወድአ ካብኡ ንላዕሊ ድማ ንመፃሓፍቲ፣ ኮንፒተራት፣ ወንበር፣ ጠረቤዛን ካልኦት ናውትታት መግዝኢ ብዙሕ ገንዘብ ከምዝድልዮ ዝፈለጥ ኮይኑ ስለዚ አቲ ኣባል ንቐፃሊ እውን ከምቲ ልሙድ ዓብይ ስራሕ ይፅበዮ እዩ ምኽንያቱ እዚ ናውትታት እንተዘይተማሊኡ ምንም ዝህቦ ኣገልግሎት ኣይክህሉን፡፡

ከምኡውን እታ ማሕበር ኣብዚ ፅሑፍ ዘይተገልፀ ካልኦት ብዙሓት ዓበይቲን ኣናእሽትን ስራሓቲ እናሰርሐትን ኣብ ምስራሕ ትርከብን ኣላ፡፡

ሓደ ክፍለጥ ዘለዎ ነገር እታ ማሕበር እዚ ኩሉ ንጥፈታት ክትሰረሕ ከላ ባዕሉ እቲ ኣባል በዓል ውራይ ብሙኳን ዝሰርሖ እዩ፡፡ ማሕበር ማለት ድማ ውዳበ ኣባላት ህዝቢ ማለት እዩ፡፡ እቲ ተጠቃሚ ድማ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ባዕሉ እቲ ኣባል እዩ፡፡

ኮይኑ ግን እታ ማሕበር ዝጀመረቶ ፕሮጀክት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናሰፈሐን እናገዘፈን ብምኻዱ ካብ ዝግብኦ ንላዕሊ ነዊሕ ግዜን ገንዘብን ምውሳዱ ዝውድኣሉ ግዜ ድማ ንፁር ዘይሙኳኑን ኣፍቲ ኣባል ናይ ምስልቻውን ግጉይ ኣረኣእያ ምውሳድን ተሰፋ ናይ ምቑራፅን ናታ ማሕበር ኣብ ሓደጋ ከውድቓ ዝኽእሉ ስምዒታት ክፍጠሩ ተኻኢሎም እዮም፡፡

ዋላ እኳ ብግልፅን ኣብ መድረኽን ኣይቅረብ እንበር ብወረን በውለቀ ሰባት ደረጃ ዝስማዕ ማለት ጥራሕ  እታ ቤትንባብ ትወዳእ እንበር ድሕሪኡስ ነናብ ገዛና ኢና፡፡ ብኻሊእ ገፅ ድማ ዞባና ብዙሓት ወረዳታትን ገፊሕ ሽግርን ዘለዋ ከሎ እታ ማሕበር ግን ኣብ ሓደ ቤት ንባብን ኣብ ከተማ ሽረን ጥራሕ ንብዙሕ ኣመታት ተሓፂራ ንቲ ካልኦት ወረዳታት ጠመተ ኣይሃበትን ናይዚ ምክንያት ድማ እቲ ፕሮጀክት ልዕሊ እቲ ዓቕሚ ዞባን ህዝብን ሙኺኑ እዩ ዝብሉ ኣታሓሳስባታት ክፍጠር ተኻኢሉ እዩ፡፡

## ቀንዲ ፀገማት ማሕበርና ኣብ ውሽጢ ዓዲ

እቲ ዋና ክጠቀስ ዘለዎ እቲ ነባሪ ዞባና ዝኾነ ህዝቢ ሓቢርካ ከምዚእን ኣብ ዝመሰላ ማሕበራት ናይ ምስራሕ ባህሊ ዘይቡሉ ምሰቲ ሙኺኑ እቲ ነባሪ ህዝቢ ናይታ ማሕበር ሞተርን ሓይልን ኮይኑ ክንድቲ ዝድለ ዓብይን ገፊሕን ምንቅስቃስ ብምፍጣር ክመርሓ እናተገበኦ ዋላ ኣባል ኮይኑ ይደግፍ እንበር ዝገበሮ ዘሎ ምንቅስቃስ በጣዕሚ ትሑትን ድኹምን ስለዝኾነ ነታ ማሕበር ኣብ ምዕባይ ብጣዕሚ ኣንፀላልይዋ  እዩ፡፡

ከምኡውን ኣብ መቐለን ኣዲስ ኣበባን ዘለዋ ጨናፍር ድማ ነቲ ኣብተን ከተማታት ዝነብር ተወላድን ሰብ ሃፍትን ኣኪብካ ነታ ማሕበርን ዞባናን ክድግፉን ክሕግዙን ኣብ ምግባር ካፍቶም ኮሚቴታት ጀሚርካ ዓብይ ድኽመታት ኣሎ ኢልካ ክውሰድ ይከኣል፡፡

ብተወሳኺ ድማ ኣብ ውሽጢ ዞባና ዝርከባ መንግስታውያንን ዘይመንግስታውያንን ትካላትን ገበርቲ ሰናያትን እታ ማሕበር ንእተቕርበሎም ፕሮጀክት ፕሮፖዛል ብእዋኑን ቅኑዕን ሰናይ መልሲ ዘይምሃብን መንግስቲ ምምሕዳር ዞባና እውን ነተን ማሕበራት ክድግፋን ክሕግዛን ኣድላይ ምብርታዕን ድፍኢትን  ዘይምግባሩ ብምንግስትን ዘይምንግስታውያን ትካላትን ዞባና ዓብይ ሽግር ኣሎዎም፡፡

## ቀንዲ ፀገማት ጨናፍራት ሰሜን አሜሪካ

እተን ዋና ናይ ማሕበርና ደጋፊ ዝኮና ኣብ ኣሜሪካ ዝርከባ ጨናፍራት እቲ ቀንዲ ፀገመን ተሞክሮን ብቕዓትን ከምኡውን ነዊሕ ራእይ ዘለዎ ሓይሊ ሰብ ኣመራረሓን ስለዘይብለን ብዙሕ ከሰርሓ እናተገበአን ብዘይ ኮነ ነገር ብዙሕ ግዚያት ባኺኑ እዩ፡፡

እቲ ካሊእ ፀገም ድማ ሓደ ሓደ ሰባት ናይ ማሕበርና መሰረታዊ ዕላማን ደንብን ብዘይ ምርዳእ ናይ ውልቃውን ፖለቲካዊን ረብሓ እምነቶም ምስቲ ዓብይ ውራይ ልምዓት ኣብ ሓደ ሒላብ ብምኽንያት ክሓውስዎ ብምፍታኖም ዓብይ ዕንቅፋትን ክሳራን ኮይኑ ፀኒሑ እዩ፡፡

ስለዝኮነ ድማ ንፁር ውድባዊ ባይታ ዘይምህላውን ጉድለታት ምብዛሕን ከምኡውን ጥንኩር ዝኮነን እዋናውን ርክብ ምስቲ ዋና ቤት ፅሕፈት ዘይምህላውን ዝተወሃሃደን ኣድማዕን ስራሕ ክስራሕ ኣይተኻአለን ኔሩ፡፡

ዋላ እቲ ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ዝካየድ ፌስቲቫል ሰሜን ኣሜሪካ እውን ዝበዝሐ ግዜ ኣብ ፀወታን ሳዕስዒትን ዘድሃበ ስለዝኮነ እቶም ስራሕ መካየድቲ ይኹኑ እቲ ኣባል እውን ብዛዕባ ዝመፀሉ ዕላማ ሙሉእ ግንዛበ ዘይምህላው ይኹን ብሸለልተኝነት ክንድቲ ዝድለ እቶት ክአቱ ኣይተኻአለን፡፡

ብተወሳኺ እውን ግልፅነትን ተሓታታይነትን ዘለዎ ኣሰራርሓ ናይታ ማሕበር ሕጊ ኣናሃለወ ኦዲት ኣብ ዝግበረሉ ግዜ ሓደ ሓደ ድሑር ኣተሓሳስባን ባህልን ዘለዎም ማለት ንሕና ሰረቕቲ ዲና ኦዲት ትገብሩልና ዘይትኣምኑና እዛ ማሕበር ንመን ቀሪባ ንመን ርሒቃ ዝብሉ ዝንፀባረቁ  ንድሕሪት ዝጎቱ ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን ምንባሮም እታ ማሕበር ብስምዒት ክትምራሕ ፀኒሓ እያ እዚ ድማ ተወሳኺን ከቢድ ጎንፂን ሽግርን ዝፈጠረ ፀገም ኮይኑ ፀኒሑ እዩ፡፡

ኣብ ኣውሮፓ፣ እስራኤልን ኣውስትራልያን ውዳበን ቅርንጫፍን ዘይምህላው እቲ ኣብቲ ካባቢ ዘሎ ተወላድን ፈታውን ዞባና ክሕግዝን ክድግፍን ብዘይ ምኽኣሉ እታ ማሕበር ብዙሕ ነገር ከምዝተረፉ ንምግማት ይከኣል  እዩ፡፡

ብሓፈሻ ክርአ እንከሎ ማሕበርና ከም ዕድሚኣ ዓሰርተ ዓመት ዝኸደት ኣይትመስልን፡፡ ናይዚ ኩሉ ፀገም ድማ ናይ ውልቀ ሰብ ከይኮነስ ናይ ብዙሕ ሰብ ሽግር ድምር ፀገማት ክፈጥር ብምኽኣሉ ብተወሳኺ ድማ በብግዚኡ ዝፍጠሩ እዋናዊ ፀገማት ሓዊስካ እታ ማሕበር ከም ዕድሚኣን ክንድትዝግበአን ክትከድ ኣይከኣለትን፡፡

## መፍትሒ ክኾኑ ዝኽእሉ ሃሳባት

- እቲ ኣብ ውሽጢ ዞባና ዘሎ ህዝቢ ንማሕበሩ ዝግህባእ ጠመተ ሂቡ ብሕብረት ናብ ልምዓት ክሳተፍ ምግባር ኣዚ ማለት ድማ ባዕሉ ኣቲ ህዝቢ ግዚኡ ዝጠልቦ ምንቅስቓሳት ምግባር ነታ ማሕበር እውን እንተደቂሳ ከባራብራን ክትንቀሳቐስ ኣብ ምግባር ዕዙዝ ተራ ክፃወት ይግብኦ፡፡
- ኣብ መቐለን ኣዲስ ኣበባን ዘለዋ ጨናፍር ኮሚቴታት ብንቅሓት ብምንቅስቃስ ነቲ ኣብቲ ካባቢ ዘሎ ውዳበ ናብ ልምዓት ክኸትት ምግባር ሰብ ሃፍቲን ተወላድን ኣኪቡን ክሕግዙ ምሕታት ነቶም ክድግፉ ዝደልዩ ሰባት ድማ ኣፍልጦ ምሃብን ዘድልዮም ድጋፍ ምግባርን ምክትታልን፡፡

- ምምሕዳር ዞባና ድማ ኣብ ዞባና ንዘለው ዘይመንግስታውያን፣ገበርቲ ሰናይን ሰብ ሃፍትን ነታ ማሕበር ክድግፉን ክልምዑን ድፍኢትን ሓገዝን ክገብር ይግባእ፡፡
- ብዋንነት ድማ እታ ማሕበር ንቐፃሊ ነቲ ነዊሕ ግዜን በዙሕ ገንዘብን ዝውድእ ፕሮጀክት ብምግዳፍ ኣናእሽተይን ነዚ ሕጂ መንእሰይ ወለዶ ዘርክብን ስራሓቲ ምስራሕ ንኣብነት ካብ $15 – $30 ሽሕ ዶላር ዝውድኡን ኣብ ክልተ ዓመት ብፍጥነት ክውድኡ ዝኽእሉ ፕሮጀክት ብምሕንፃፅ ነቲ ሓዱሽ ወለዶ ተጠቃሚ ምግባር ምኽንያቱ ናይታ ማሕበር ናይ ቀፃሊ ተቀባሊ ወለዶ ስለዝኮነ ኣፍታ ማሕበር እምነትን ፍቅርን ክህልዎ ሕጂ ተጠቃሚ ክኸውን ይግብኦ፡፡
- ናይ ኩለን ወረዳታት ሽግር ብምፅናዕ ሕድ ሕድ ወረዳ ዝጠልብኦ ስራሕቲ ንኩለን ወረዳታት ብዘማእኸለ ኩነታት ፕሮጀክታት እንተዝሕንፀፅ ኩሉ ኣባል ብዘይ ምስልቻውን ብንቅሓትን ምሰርሐ ውፅኢቱ ድማ ምረአየን ምተበራትዐን ካብ ምስልቻውን ቅሬታን እውን ምረሓቐ፡፡
- ኣብ ኣውስትራልያ፣እስራኤል፣ ጀርመንን ጣልያንን ጠንካራ ውዳበ ዘለዎ ቅርንጫፍ ምኽፋት ምክንያቱ ካብ 50 – 100ን ካብኡ ንላዕልን ዝኮኑ ተወለድቲ ኣፍቲ ከባቢ ስለዝህልው ወዲብካ ክንቀሳቀሱ ምግባር፡፡
- ዋና ቤት ፅሕፈት ኮነ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዘለዋ ይኹን ኣብ ኣሜሪካን ኣውሮፓን ካልኦት ዘለዋ ቅርንጫፋት ሰፊሕን ስጡምን ናይ ህዝባዊ ርክባት ስራሕቲ ምስራሕን ርከበን ድማ ኣዋናውን ጠንካራን ምግባር፡፡
- እታ ማሕበር ሓደ ቤት ንባብ ጥራሕ ከይኮነትስ ንኩለን ወረዳታተ ዘካልልን ዘማእኸለን ስራሕቲ እትሰርሕ ጠንካራን ናብ ካሊእ ወለዶ እትመሓላለፍ ህያው ማሕበር ኣብ ምግባር ኩሉ ኣባል ምስታፍ፡፡
- እቲ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ ዘሎ ማሕበር ድማ ካብ ስምዒትን ውልቃውነትን ነፃ ኾይኑ ከይተኸፋፈለ ነታ ማሕበር በሓላፍነትን ፍቕርን ሓቂፉ ነቲ ቅዱስ ዕላማ ብሕድሪ ተሸኪሙ ኣብ ሽትኡ ንምብፃሕ ብቅንዕና ንኽሰርሕ ንላቦ፡፡
- ኣብቲ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ ዝካየድ ዓመታዊ ክብረ በዓል ድማ እቲ ኣባል ኮነ መራሕቲ ዋና ዕላማን ከይዲ ፅንሰ ሓሳብ ማሕበር ግንዛበ ሀልይዎም ጎኒ ንጎኒ እቲ ማሕበራዊ ሂወትን ተሃድሶን ናብ እቶት እታ ማሕበር ምድሃብ መሰረት ሙኺኑ ምርዳዕ ወሳኒ እዩ፡፡
- ከምኡውን ኩሉ ኣባል ነቲ ሓድሽ ወለዶ ሕፅረት ዓቅሚ ዘለዎ ህዝቢ በብሞይኡ ንኣብነት ብሕክምና ይኩን ብትምህርቲ ዋላ እውን ብካሊእ ዝኮነ ሞያ ናብ ዞባና ብምኻድ ንዝተወሰነ ኣዋን ዋላ ይኩን ፍቅራዊ ኣገልግሎት ብምሃብ ነቲ ህዝቢን ማሕበርን ኣለናልካ ምባል፡፡
- ንጎበዛት ተማሃሮ፣ስፖርተኛታት፣ ኣረጋውያን ዓቕሚ ንዘይብሎም፣ኪነጥበብን ባህልን ኣብ ምዕባይ ከምኡውን ካልኦት ማሕበራዊ ፀገማት ኣብ ምፍታሕ ኩሉ ኣባል እታ ማሕበር ብእተቅርቦ መንገድን ፕሮግራምን ኩሉ ብዘለዎ ዓቅምን ፍልጠትን ብቅኑዕ ልቦናን ፍቅርን ምልጋስን ሞራል ምሃብን፡፡
- እታ ማሕበር ነቲ ፕሮጀክት ላይብረሪ ህንፃ ምውድእ በጣዕሚ ፅቡቕ እኳ እንተኾነ ነቲ ህንፃ ዝተማለአ ናውቲ ዘይበሉ ንምምራቅ እንተዘይትሃፅፅ ምኽንያቱ እቲ ላይብረሪ ደረጃኡ ብዝሓለወን ምስ ካልኦት ከተማታት ክውዳደር ብዝኽእል ናውትን መፃሕፍትን ኮንፒተራትን ኣማሊኡ እንተዝኽፍት ፅቡቕ

ይመስለና፡፡ ህንፃ ጥራሕ ስለዝተወድአ ተጓይኻ ከይትማልአ ምኽፋቱ ጥቕሙ ብዙሕ ዘይከኸውን ይኽእል እዩ፡፡

አብ መወዳእታ ከምቲ አብ መጀመርያ ዝገለፅናዮ አዚ ፅሑፍ ናይ ግልና እንበር ናይታ ማሕበር ቅዋምን እምነትን ከምዘይኮነ ደጊምና አናሓበረና ንእትህቡና ርኢቶ ሃንጎፋይ ኢልና ከም እንቅበል አናገለፅና ንኹሉኹም ኣባላት ማሕበርና ድማ አብ በብዘለኹሞ ሰላምን ጥዕናን ንምኒ፡፡

ንእትህቡና እትደልዩ ሓበሬታ ድማ አብ ታሕቲ ብዘሎ ስልክን ኢሜይልን ክትረኽቡና ትኽእሉ ሙኳንኩም ንሕብር፡፡

ሄኖክ ሙሉአለም, አሜሪካ: gebrehiwot2@marshall.edu 304-696-3988

ቶማስ መኮነን, አዲስ አበባ: thomas.mekonen@yahoo.com (+251) 910792777